ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي

رئيس المكتب التنفيذي

**Eritrean National Council for Democratic Change**

**Chairman of the Executive Office**

# መግለጺ

ስርዓት ህግደፍ፡ ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ኣትሕዙ፡ ክብሪ ወዲ ሰብን ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኤርትራን ጓዕጺጹ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ ግፍዒ ከዉርድ ምጽናሑ ብቐጻሊ ክነጋልጽ ጸኒሕና ።

መቐጸልታ ናይዚ እከይ ተግባራቱ ፡ ንክቡር ፓትርያርክ ኣቡና ኣንጦንዮስ ሕጋዊ ጳጳስ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ካብ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ማሕዩር  ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ሒዝዎም ከምዘሎ  ዓለም መላእ ዝፈልጦ እዩ።

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ካብ ዉሽጢ ሃገር ዝረኸብናዮ ርጉጽ ሓበሬታ፡ ብጽኡነቶም ብሕማም ምኽንያት ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከቡ ይሕበር። ኣብ ልዕሊ እዞም ዓብይ መንፈሳዊ  ሃይማኖታዊ  መራሒ ዝወርድ ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ መስተንከርን እከይ ተግባርን፡ ብሩህ መግለጺ ናይቲ ስኽፍ ከይበሎ ክብሪ ሃይማኖታት ህዝብና ረጊጹ ዝገዝእ ዘሎ ጸረ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ እዩ።

ብጽኡነቶም ካብ ማሕዩርነት ሕጂ ብቕጽበት ክልቀቑ ፡ ምስእቶም  ቅድሚ  ሕጂ  ዓዉ ኢሎም ድምጾም ከስምዑ ዝጸንሑ ሸነኻት፡ ነጻ ኾይኖም ባህርያዊ ቦታኦም ክሕዙ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ  ለዉጢ መርገጹ ይገልጽ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክርስትያንን ኣስላምን ብሓባር ኮይኖም ነዚ ኣረሜናዊ ተግባር  ብትብዓት  ክኹኑንዎን ክምክትዎን ታሪኻዊ ግድነት ኢዩ።

መንግስታትን  ሕቡራት ሃገራትን ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን፡ ንኩነታት ብጽኡነቶም ክብደት ብምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ጽቕጠት ከካይዱ ብትሪ ነማሕጽን።

ቤት ጽሕፈት ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

29- ጥሪ 2012